
# ናይ ሄፓቲቲስ ቢ ክታበት ክወስዱ ኣለኩም ዶ?



ሄፓቲቲስ ቢ ንጸላም ከብዲ ዘጥቅዕን ናይ ጸላም ከብዲ መንሸሮ ከስዕብ ዝኽእልን ቫይረስ እዩ።

ብዙሓት ሰባት ከምዝተጠቅዑ ኣይፈልጡን እዮም ምኽንያቱ ናይ ሕማም ስምዒት ወይ ምስሊ ስለ ዘይህልዎም፣ ይኩን እምበር ነቲ ቫይረስ ናብ ካልኦት ከመሓላልፍዎ ይኽእሉ እዮም።.

ካብ ሄፓቲቲስ ቢ ክከላከል ዝኽእል ዉሑስን ዉጺኢታዉን ክታበት ኣሎ። ሙሉእ ንሙሉእ ንምክልካል ነቲ ተኸታታሊ ክትባታት ምዉዳእ የድሊ።

## ሄፓቲቲስ ቢ ካብዞም ዝስዕቡ ይመሓላለፍ:-

ካብ ነብሰ-ጾር ናብ ህጻን ኣብ እዋን ሕርሲ

ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ

በቲ ሕማም ዝተጠቕዐ ሰብ ደም ብምትንካፍ

ላማ፣ ናይ ስኒ ብሩሽን፣ ጽፍሪ መቁረጺን ብሓባር ብምጥቃም

## መን እዩ ክታበት ክወስድ ዘለዎ?

- ኩሎም ህጻናት
- ኩሎም ዘይተኸተቡ ህጻናትን ክሳብ 59 ዝዕድሚኦም ኣባጽሕን፣ ምኽንያታት ሓደጋ ብዘየግድስ
- ዕድሚኦም 60 ን ካብኡ ንላዕልን ዝኮኑ ኣባጽሕ ዝስዕቡ ምኽንያታት ናይ ምጥቃዕ ዘለዎም:-
  - ንጾታዊ ርክብ ዝተቓልዑ
  - ናይ ብቐርበት ወይ ብልፉጣዊ ተቓላዕነት ብደም ዘለዎም
  - ናብ ማእከላይ ወይ ዝለዓለ ናይ ሄፓቲቲስ ቢ ዝርገሐ ዘለዎ ከባቢ ዝንቀሳቀሱ
  - ሕዱር ናይ ጸላም ከብዲ ሕማም ወይ ናይ ኤች.አይ.ቪ ሕማም ዘለዎም

ንተወሳኺ ሓበሬታ:-

**www.cdc.gov/hepatitis/hbv/**
**doh.wa.gov/hepbhub**

Hep B Hub
doh.wa.gov/hepbhub

Washington State Department of Health DOH 420-407 May 2022 Tigrinya

ነዚ ሰነድ እዚ ብካልእ መልክዕ ንምሕታት ናብ 1-800-525-0127 ይደውሉ። ጸሙማን ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም ዓማዊል ብኽብረትኩም ናብ 711 (Washington Relay) ወይ ናብ civil.rights@doh.wa.gov ኢመይል ግበሩ።

ብፍቓድ Minnesota Department of Health (ክፍሊ ጥዕና ሚኒሶታ) ኣብ ጥቅሚ ዝወዓለ።